## ንእዋናዊ ጉዳይ ሃገርና ኣመልኪቱ ካብ ማእከላይ ኮሚቴ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ዝተውሃበ ውድባዊ መግለፂ፣

ህዝቢ ትግራይ ንስለ ፍትሕን ማዕርነትን ኢሉ ን17 ዓመት ዘካየዶ መሪር ብረታዊ ቃልስን ዝኸፈሎ ክቡድ መስዋእትን ብህወሓት ተኻሒዱ እቲ ህዝባዊ ዓወት ንውልቀ ረብሓ ውሑዳት ብምውዓሉ ህዝብና ኣብ ክንዲ እቲ ዝምነዮ ዝፅበዮ ዝነበረ ፍትሕን ዲሞክራስን ዝረኸበ ብማምባሉ መጨቆኒኡን መበረሲኡን ስርዓትዊ ተተኺሉ።

ስለዝኾነውን ውድብና ዴ.ም.ህ.ት መሪሕነት ህወሓት ሕድሪ ስውኣትን ህዝብን ጠሊሞም ብምጥፍኣቲ ዓስርተታት ኣሸሓት ደቂ ህዝቢ ዝተረኸበ ዓወት ተበሊፆም ኣብ ጉጅለኣዊ ረብሓታቶም ስለ ዝጥሓሉ፣ ነዚ ዘይተመለሰ ሕቶ ህዝብና ንምምላስ ድማ ኣብ ሕቑፊ ህወሓት ከይጋካ ብሰላማውን ፖለቲካውን መንገዲ ምቅላስ ዘይሕሰብ ስለ ዝኾነ እዩ ተገዲዱ ትድሚ 17 ዓመት እቲ ናይ መወዳእታ ዝኾነ ብረታዊ ቃልሲ ከም ምርጫ ገይሩ ክወስድ ዝተገደደ።

እዚ ሐዚ ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ተስፋ ዝሀብ ዝመስል ምዕባለ ድማ ካብ ሰማይ ዝወረደ ማና ዘይኮነስ ውፅኢት ነቲ ንዓመታት ውድብናን መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኣንፃር ስርዓት ወያነ ክካየድ ናይ ዝፀንሐ ቃልስን እናተኸፍለ ዝመፀ መስዋእትነትን እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ማእከላይ ኮሚቴ ውድብና ኣብ ሃገርና ክሳብ ሐዚ ዝተፈጥሩን ቀፃሊ ክፍጠሩ ዝኽእሉን ምዕባሌታት ብዕምቆት እናተኸታተሎን እናገምገመን ከም ዝጸንሐ ገሊፁ ብብሎምኑ ንዝፍጠሩ ምዕባሌታት ድማ ኣብ እዋኑ ሓሳብ ክህበሎም ምኽንያት ብዝኣተዎ ቃል መሰረት ነዚ ዝስዕብ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

1. ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ኣብዚ ሐዚ እዋን በቲ ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝመርሕ ዘሎ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ዝውሰዱ ዘለዉ ኣወንታዊ ስጉምትታት ይድግፍ።
2. ዴምህት ብ 16/10/2010 ዓ.ም ነቲ ናይ ጠቕላይ ሚኒስተር ዶ/ር ኣብይ ኣህመድ ናይ ለውጢ ጉዕዞ ንምድጋፍ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈፀመ መጥቃዕቲ ብምኹናን ዝበፅሐ ሞትን መቑሰልትን ከምኡውን ብፀረ ለውጢ ሓይልታት ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ሃገርና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝበፅሑ ዘለዉ መጥቃዕትታት ብትሪ ዝኹንን ምኻኑ እናገለፀ ፈፀምቲ ናይቲ ገበን ብቕልጡፍ ተገሪዮም ናብ ሕጊ ክቐርቡ ይፅውዕ።

3. ከምቲ ኣብ ካልኦት ክልላት ዝረኣ ዘሎ ለውጢ ኣብ ትግራይ'ውን ክህሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ማእሰርቲ ትግራይ ዝርከቡ ኩሎም እሱራት ብህፁፅ ክፍትሑን ህዝቢ ትግራይ ኣካል ናይቲ ለውጢ ንኽኸውን ኣብ ልዕሊ እቲ ንህዝቢ ትግራይ ዘይውክል ጉጅለ ህወሓት ፅዕንቶ ንኽገብር ንፅውዕ።
4. <u>ንኸበርካ ህዝቢ ኢትዮጵያ</u>፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ብዙሕ መስዋእትነት ዘምፅኦ ለውጢ ከሕድጉኻ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝፍትኑ ዘለዉ ፀረ ለውጢ ሓይልታት ከይተደናገርካ ነቲ ተረኺቡ ዘሎ ለውጢ ብምዕቃብ ብብሄር፣ ብኸባቢን ብሃይማኖትን ወዘተ ከይተፋላለኻ ዝጀመርካዮ ቃልሲ ኣብ ሸትኡ ክተብፅሖ ዴምህት ይፅውዕ።

5. **ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፡** መራሕትን ህወሓት ኣካል ናይዚ ኣብ ሃገርና ተረኺቡ ዘሎ ለውጢ ከይትኾውን ኮነ ኢሎም ኣብቲ 27 ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ማለት ህወሓት ማለት'ዩ እናበሉ ብስምካ እናሸቀጡ ዝመፁ ከይኣኽሎም ሐዚ'ውን ኣብቲ ማእኸላይ መንግስቲ ዝካየድ ስልጣን ብጻለይቲ ለውጢ ተመንዚዑ ጠቕሊሉ ኣብ ትግራይ ዓሪዱ ይርከብ።
ኣዚ ጉጅለ ሐዚ'ውን ንቲ ንዓመታት ኣብ መላእ ሃገርና ክጥቀመሉ ዝፀንሐ ናይ ዓፈና ማሕውራት ጠቕሊሉ ኣብ ልዕሊኻ ንምዕማጽ ኣሕደሩ ይርከብ ኣሎ። ስለዚ ትማልን ሎምን ፀላኢኻ እቲ ጉጅለ ህወሓት ጥራሕ ምዃኑ ተረዲእካ እንዳሓ ብዘይኡ ብምባል ኣካል ናይዚ ዝካየድ ዘሎ ለውጢ ንምዃን ቃልስኻ ከተማናኹር ዴምህት ይፅውዕ።

6. **<u>ዝኸበርኩም ኣንፃር ህወሓት ትቃለሱ ዘለኹም ተቓወምቲ ውድባት፣ ሰቪል ማሕበራት፣ ምሁራት ተጋሩን ኣብ ውሽጢ ህወሓት ትቃለሱ ዘለኹም ደለይቲ ለውጥን፡</u>** ጉጅለ ህወሓት ሐዚ'ውን ሓላይ መሲሉ ንህዝብና ከም ድፋዕ ክጥቀመሉን መሊሱ ናብ መጋረጃ ሓዊ ክእትዎን ይፍትን ኣሎ። ስለዝኾነውን ህዝብና ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ሰላም ይደሊ ኣሎ። ስለዚ ኩላትና ኣብ ሓደ ብምምጻእ ህዝባዊ ሓላፍነትና ክንዋፃእን ህዝብና ክነድሕኖን ኣካል ናይቲ ለውጢ ክንኸውን ክንቃለስ ኣለና ብምባል ዴ.ም.ህ.ት ሓቢሩ ንምስራሕ ድልው ከም ዝኾነ ይገልፅ።

7. **<u>ዝኸበርኩም ተቓወምቲ ውድባት ሃገርና፡</u>** ሃገርና ኣብ ወሳኒ መድረኽ እያ ትርከብ። ነዚ ሓዚ ተረኺቡ ዘሎ ለውጢ ናብቲ ዝድለ ምዕራፍ ንኽበፅሕ ድማ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ሓድነትና ኣጠናኺርና ኣብ ጎኒ እዚ ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ለውጢ ሓይሊ ክንስለፍ ኣለና ብምባል ዴምህት ሎሚ እውን ከም ትማሊ ምስ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባት ሓቢሩ ንምስራሕ ድልው ምዃኑ የረጋግፅ።

ዓወት ንቃልስና!
ዴ.ም.ህ.ት
ሰ/ 2010 ዓ/ም